እታ ሙሩጻት ዝወደቑላ ኤረትራ
ብዘይ ፍርዲ ናብ ማእሰርቲ ተቐይራ
ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን




ሙሩጻት ዝወደቑላ ሃገርና ኤረትራ
ወላዲት ጀጋኑ ርእሲ ከተማኣ ኣስመራ
ብዘይ ፍርዲ ናብ ማእሰርቲ ተቐይራ..
ኣስመራ ፒኮሎ ሮማ ኩሉ ጥሊያን ዝሰየማ
ናታ ተመሲሉ  ዕባይ ኣባሻውል ምስ ጠለማ
ኣእላፍ ጀጋኑ ከፊላስ ኣይሰመረን ሕልማ..
ንጽንብል 25 ዓመት ብኸምዚ ክገልጾ
ህግደፍ ምስ ጭፍሩኡ ኮይኑ ዝጓዕጾጾ
መናውሒ ዕምሪ ጉሒላ መሊሱ ክረግጾ
በላቤሎው ገዲፍና ማዕጾ ንዕጾ..
ርብዒ ዘመን ብዘይ ሐጎስ
ርብዒ ዘመን ደም ምፍሳስ



ጭርናዓት በዚሔን ዝውድሳ
ሰማእታትና ሲኢኖም ሞሳ..
ከም ጸማም ሐደ ደርፉ
ንነብስኹም ጥራይ ንቐፉ
ናዓና ግን ከይትትንከፉ
እንዳበሉ ጀጋኑ ዘርገፉ..

ንዓመታት ሲኢና ስምረት
ንበተንቲ ሕድገት ዕሽነት
ብደምና ዘራጋገጽናዮ ነጻነት
ዓገብ ምባል ተሳኢኑ ሐሞት
ህዝቢ ተቐይሩ ናብ ጥሪት
ነጻ ሃገር ህዝቢ ኣብ ባርነት..
ከም ደስ ዝበለና ገርና ክንጽንበሎ
ጭርሖና ሎሚ ዓመት ሐዲኡሎ
ንሕድሪ ጀጋኑ መዓንጣ ሸጥ ንበሎ..
ማህደር ንዕንወትና ተሐንጊጡ




ኢሰያስ ኣብ ማእከልና ተሸጒጡ
ኣእላፍ ደቀባት ኣጥፊኡ ዊሒጡ
ጠንቂ ምብትታና ምኻኑ ፍለጡ..
ዕስራን 24 ጉንቦት ምስጢር ንገሪ
ብሉኡኽ ኣስራተ ካሳ መዳናገሪ
ትም ኣይትበሊ ደም ንጹሃት ከዛሪ
ጅግና ህዝቢ ተናዊቑ ብዶብ ብባሕሪ..



ንነጻነት ኤረትራ ስለ ዘይወጸ ሎኽመኛ
እንታይ ንመሃር ነዛ ስእሊ ሪኢና
ወዲ ሐፍትና ኢሉ ዝተጋገናዮ ይኣኽለና
ደጊምና ን30 ዓመት ክንዳመ ኣይንደልን ኢና
ን25 ዓመት በኺና ኩሄን ምስጢሩ ንገርና
ውጽኢት ረፈረንድም ኣይጠቐምን ንህዝብና..
ውጺኢት ናይ ረፈረንድም
ንህዝቢ ከይዛረብ ኣቢልዎ ሕትም
ህግደፍ ብዘይ ቅዋም ክመርሕ ትም..

*መደረ ፕረፌሶር ተስፋጽዮን መድሃኔ*
*እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ ሐቂ ዘይተቓኔ*
*ንፍለጥ ኢሰያስ ወካሊና ከምዘይ ኮነ*
*ምስ ኮነ ጠቕሚ የብሉን ወየነ ወየነ..*
*ሃገርይ ኩሉ ዝሃርፈኪ*
*ጅጋኑ ወዲቖም ከንዳኺ*
*መጻወቲ እኽብካ ኮንኪ..*
*ኣብ 52 ብናይ ሐያላት ዝርያ*
*ብናይ ኣንድነት ሐገዝ ንኢትዮጵያ*
*ን30 ዓመት ደምዩ ህዝቢ ኤረትረያ*
*ብሉጻት ከፊልና ሓራ ምስ ገበርናያ..*
*ን25 ዓመት ግዝያዊ መንግሰቲ*
*ነጻነትና ተጨውዩ ብፋሺሽቲ*
*ርብዒ ዘመን ብዘይ ዩንቨርስቲ*
*እዚ ድዩ መኽተን ልምዓት ኣቱም ሐሰውቲ*
*ነታ ዝነበረት እንኮ ዩንቨርስቲ መዕነውቲ..*
*ዘይደቀባት ገበርቲ ሐደግቲ*
*ብክልተ ካብሚ እቲ*
*ኮይኖም ደቂ ርስቲ*
*ክንዲ ዓገብ ገጠምቲ ዘየምቲ*
*ሕድሪ ዝጠለሙ መጣቓዕቲ..*
*ርብዒ ዘመን ብኡኩይ ኣባይ*
*ንህዝቢ ገዝኡ ኣፍሪስካ ምድርባይ*
*ኣብ ኩሉ ይስማዕ ኣውያት ዋይ ዋይ..*
*መንእሰይ ክንዲ ብኣውቶቡስ ብኽብረት*
*ከም እኽሊ ዕንጨይቲ ብመካይን ጽዕነት*
*ክጓረት ብጭፍራ ህግደፍ ሰኢሉ ክብረት*
*ትም ውጽኢቱ ምልኪ ን25 ዓመት ባርነት..*



*ንህዝቢ ን25 ዓመት ዝደሃኸ*

በቲ ክሳድ ሓርበኛታት ዝበተኸ
እንታይ ሓሶት ክንሰም ዕሕጂ ኺ..
ኢሰያስ ምስ ኮርኹሩ
ኣየናይ ውግእ ሲዒሩ
ዝፈለጥዎ ጀጋኑ ቀቢሩ
ንዕቀቱ እንበዛ ሳዕሪሩ
ንህዝቢ የባርሮ ካብ ሃገሩ..
ደቂ መራሒ ሰዋራ ዓዋተ ብማዕረ
ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ኣሎ ዝዓርዓረ
ጽንብል ኣቦ ጀጋኑ ጸሙ እንዳ ሓደረ
ዓገብ ዘዝበለ ኣብ ጉድጓድ እንዳ ሰፈረ
ካብ ኣነ ኣነ ወጺና ክንዲ ህዝብና ንዝረ..
ኣርዮስ ዝመራሒኡም ሽፋቱ
ሃገር ገቢቶማ ምስ ጀነራላቱ
ህዝቢ ተሸቑሪሩ 25 ዓመቱ..
ኤረትራ ኣይወለድክን ዲኺ
ብጀካ ቶም ዝወደቑ ስለኺ
ብህግደፍ ፋሕ ኢሉ ህዝብኺ..
ምኽሪ ዓንቀፍቲ ኣይንቀበል
12 ወርሒ ኣብ ዘረባ ኣብ ኮለል
ከይሓልፍ ከይዕወተልና ገበል..
ዓይንኻ ክፈቶ ኤረትራዊ
ካብ ሉኡኽ ኣርዮስ መዕነዊ
ዝጠፍኤ ዝመስል ድጉል ሐዊ..
ደቀቕቲ ብታሕቲ ፍሩያት ብላዕሊ
ናይ ሓርነት ቃልሲ ክጨውዩ ብዕሊ
ላዕሊ ታትሕቲ ዝብሉ ከም ትማሊ..
ተቃወምቲ በሃልቲ ላንጋ ላንጋ
ከይንሳነ እንዳ በልዑ ኣድራጋ
ናይ ሐትነት ቃልሲ ቆጽዮም ብኣጋ..
ከክንደይ ገዚኦምኹም ቶም ነጋዶ
ን25 ዓመት ኣብ ዘረባ ጋዶ ዩ ጋዶ
ካብ ዝብኢ ዓጽሚ ዝጽበ ኣሎ ዶ..
ደለይቲ ፍትሒ ውሽጥኹም ኣጽፍፉ
ካብ ቶም ንጠቕሚ ኣርዮስ ዝተሰለፉ

ፍትሐዊ ቃልስና ከይዕወት ዝዕንቅፉ..
ምስ ኣርዮስ ርክቡ ዘይበተኹ
ተቓወምቲ ምመሲሎም ዝሰለኹ
ሽም ለዊጦም ቃልሲ ዘንበርከኹ..
ንደንበ ተቓውሞ እንዳ ኣማረሩ
መዕነውቲ ሕጂ ደኣ እንታይ ተቐይሩ
ካብ ቦሎኛ ንዲሲ ንናሮቢ ንኣዲስ ተሰጊሩ
ተቃወምቲ ውድባት ካብ ሕሉፍ ዘይትማሃሩ፡
ኢሰያስ ብስዉር ዝለኣኽኩም
መስፍን ሐጎስ ዝመራሒኦም
ዓንደብርሃን ዓብደላ ኣደም
ወዲ ብላታ ሸንገብ መን እዮም
ብህዝቢ ኤረትራ ተጣሊዕኩም
ናብ ደንበ ተቓውሞ ተጸጊዕኩም..
ርእስኻ ኣብ ሑጻ ምሕባእ ክሳብ ማዓስ

ክሳብ ማዓስ ብጥሪት ብሐሰውቲ ክንክሰስ
ክሳብ ማዓስ በዛብእ ብጸልማት ክንጉሰስ..
ህዝቢ ብድድ ምባል ኣብዩ
ናይ ሐርነት ቃልሲ ደንጕዩ
ኣብ ቃልሲ ክንኣርግ ናይ ግድንዩ
ንፍትሒ ዝቃለሱ ንደቆም እንዳ ተጸበዩ
ሰድራና ብጓሂ ሐሊፎም ደቂ ደቆም ከረኣዩ..
ንግጥመይ ብኸምዚ ክድምድሞ
ኤረትራዊ ብጅግንነቱ ዝዛዘሞ
መጸዋዕታ ንደምበ ተቓውሞ
ወሲንኩም ማዕጾ ዕጸዉ እሞ
ሕልሚ ናይ ህዝብና ክንትርጉሞ..

*ህዝቢ ክጋላገል ካብ ናይ ህግደፍ ጸበባ*
*ሳኣን ተኣኻኺብካ ውረድ ኢድካ ሃባ*
*ተቓወምቲ ን25 ዓመት ጥራይ ዘረባ..*
*ንርብዒ ዘመን ሞትን ብርሰትን*
*ክሳብ ክንደዚ ድኹማት ክንከውን*
*ንውልቀ መላኺ ሲኢና ምብታን*
*መንጢልና ንህዝቢ ምርካብ ስልጣን..*
*ርግቢት ኣውሊዕ ኣንጠልጢላ*



*ዑፈይ ንጭፍራ ያዕ በልዎም ኢላ*
*ሓባሪት ሓርነትና ጡዑም ፋላ*
*ኣብ ሰማያት ኤረትራ ትዝንቢ ኣላ..*
*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጅጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና..*